ትርጉምን ተራን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ

መእተዊ

ኣብዚ ዘለናዮ እዋን: ኣብ መብዛሕትኡ ኩርነዓት ዓለም ዝነብር ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ከባቢኡ ምጥርናፋት ይግበር ኣሎ። እዚ ምትእኽኻባት እዚ ከም ሓደ ሓድሽ ሕጂ ዝነቀለ ተርእዮ(phenomenon) እኳ እንተዘይኮነ: ብፍላይ ድሕሪ እቲ ብ "ይኣክል!" ዝፍለጥ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኤርትራውያን ዝጀመረ ዘመተ(campaign) ናብ ባይታ ብምልሓም: ብጉዳይ ኤርትራ ዝግደስን ዝስከፍን ዜጋ እንዳተኣከበ „ይኣክል“ ክጭርሕን: ክኒኡ ድማ "ሓቢርና እንታይ ንግበር?" ዝብል ሕቶ ከልዕል ተራእዩን ንርእዮ ኣለናን። እዚ ምትእኽኻብ ዝወለደን ህዝባዊ ምንቅስቓሳት ድማ ኣበየ ቦትኡ ተመስሪተንን ክምስረታ ኣብ ጉዑዞ ይርከባን ኣለዋ። እዚ ምትእኽኻብ እዚ ኣብ ከተማ ወይ ሓደ ከባቢ(local) ዝማእከሉ ኮይኑ: ኩሉ ኤርትራዊ ድሕረባይትኡ: ፍልልያት ዝኽተሎ ስነሓሳብን ማሕበራዊ ኩነታቱን ብዘየገድስ: ኣብ ሓደ ኣምጺኡ ከስርሕ ዝኽእል መገዲ ሙኂኑ ተኣሚኑሉ ኣሎ። እምበኣርከስ ድሕሪ ዝኾነ ምጥርናፍን ምትእኽኻብን ክምለስ ዘለዎ ኣገዳሲ ሕቶ ኣሎ። ንሱ ድማ "ተኣኪብና እንታይ ኢና ክንሰርሕን: እንታይ እዩ ናይ መጨረሽታ ክንሃርሞ እንደሊ ሽቶን?" ዝብል እዩ። ስለዚ: ነዚ "ህዝባዊ ምንቅስቃስ" ዝብል ኣምር ምትንታን ግቡእ ትርጉም ምሃብን ኣገዳሲ ይኸውን።

ድሕረ ባይታ ቃልሲ ኣንጻር ስርዓት ኢሰያስ

ድሕሪ እቲ ፍርቂ ዘመን ዝወሰደ ቃልሲ ንናጽነት ኤርትራ: ኤርትራዊ ብመስዋእቱ ኣብ ግንቦት 1991 መግዛእታዊ ስርዓት ኣባሪሩ ሃገሩ ምስተረከበ: ኩሉ ሃገራዊ "ደኒም ብኩሉ መዳይ ዓድና ክንሃጽ ኢና" ዝብል ንሒን ሕልምን ብምቅናት ኩለንትንኡ ኣብ ህንጸት ብልጽግቲን ፍትሒ ዝማእከላ ዴሞክራስያዊት ሃገርን ብምግባር: ላዕልን ታሕትን ክብል ተራእየ። ህንጽት ሃገር ንኩሉ ጽላታት ሕብረተሰብ ዘካተተ ስለዝኾነ ድማ: ሞያዊ ወዲ ሃገር ኣብ ዘድምዓሉ ዓውድታት ወፍርታቱ ጀሚሩ። ከም ኣካል ናይዚ ወፍሪ: ኤርትራዊ ኣብ ህንጸት ልዕልና ሕጊ ዝነገሳ ዴሞክራስያዊት ሃገር ብፖለቲካዊ መዳይ ውን እንተኾነ እጃሙ ንምብርካት ነቂሉ።
ኣብ ግዜ ሰውራ ኣንጻር መግዛእቲ ንምቅላስ ዝተመስረታ ፓለቲካውያን ውድባት: ኣብዛ ሓዳስ ሃገር እጃመን ንክገብራ ከኣብ ዝነበርኡ እኳ እንተተበገሳ: መግዛእታዊ ስርዓት ብምብራር ኣብ 91 ስልጣን ዝሓዘ ሰውራዊ ውድብ ህግሓኤ ግን: ኤርትራ ንብሕቱ ተቆጻጺሩ ከምድላዩን ናብ ድላዩን ከብላ ክጥዕመሉ: ገና ከይጀመረ ዝተፈላለየ ግሁድን ስውርን ሽርሕታት ብምእላም ንፖለቲካዊ መደረኽ ሓዳስ ሃገር ንካልኦት ፓለቲካውያን ውድባት ቦታ ብምኽላእ ንበይኑ ክዕንድረሉ ጀመረ። ድሒሩ ዝሰዓበ ዓመታት እምበኣር: ዲክታቶርያዊ ባህርያት ናይቲ ስልጣን ዝጨበጠ ፖለቲካዊ ሓይሊ ኣብ ህዝቢ ክገሃድ ነዊሕ ኣይገበረን። ወላ እኳ ዝተፈላለየ ቅሉዕን ስውርን ተቃውሞታት ኣንጻር እቲ ንበይኑ ዝበሓተ ፓለቲካዊ ሓይሊ እንተተራእየ: ኣብቲ ናይ ተቃውሞ ጉዳይ ኢድ ኣለኩም ዝተባህሉ ዘጋታት በቲ ጨካን ስርዓት ግዳይ ማእሰርቲን ጥፍኣትን ኮይኖም ተሪፎም። እቲ ስርዓት ስለያዊ መሓውራቱ ብምብርታዕ ድማ፡ ንክኽሰቱ ዝኽእሉ ተቃውሞታት ኣብ ምክልኻል ይርከብ።

እቲ ኣቀዲሙ ንናጽነት ኤርትራ ዝንቀሳቐስ ዝነበረ ፓለቲካዊ ሓይሊ: ድሕሪ 1991 ነቲ ስልጣን ንብሕቱ ተቆጻጺሩ ዝመርሕ ዝነበረ ስርዓት ብምቅዋምን ንህንጸት ዴሞክራስያዊትን ፍትሓዊትን ኤርትራ ኣብ ወጻኢ ሃገር ቃልሱ ክቅጽል ተገዲዱ። ኤርትራ ሃገርና ኣብዚ ዝሓለፈ 28 ዓመታት ውልቀመላኺ ስርዓት ዝጠንቁ: ኩሉ መደያዊ ውድቀትን ፍልሰት ህዝቢን ኣጋጢሚዋን፡ ገና ውን ኣብ ዝበኣሰ ኩነታት ትርከብ ኣላ። እዚ ካብ ጽባሕ ምጭባጥ ስልጣን ውልቀመላኺ ስርዓት ኣብ ደገ ዝጀመረ ተቃውሞ ን ዝሓለፈ 28 ዓመታት ብዘይ ምቁራጽ ዝተፈላለየ መደረኻትን ተሞኩሮን እንዳሓለፈ ክሳብ ሕጂ ጸኒሑ ኣሎ። ብቁጽሪ ብርክት ዝበላ ፓለቲካውያንን ስቪላውያን ማሕበራት: ተጣበቅቲ ሰብኣዊ መሰላት: ማሕበራት ደቂኣንስትዮን መንእሰያትን ዘሓቐፈ ተቃውሞ ደምበ፡ ምስ ኩሉ ኣወንታውን ኣሉታውን ተሞክሮታቱን ብዶሆታቱን: መስመር ተቃውሞ ኣንጻር ውልቀመላኺ ስርዓት ከይበተኸ: ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ሓያሎ ኣካላት ሕብረተሰብና ክጽንበርዎ ኣኽኢሉ እዩ። ከም ምሕዝነት: ኪዳን: ዋዕላን ባይቶን ዝኣምሰሉ ሓቢርካ ንምስራሕ ዝፈተኑ ተሞክሮታት ኣብ እዋኑ ፍናን ህዝቢ ሓፍ ከብልን ተስፋ ክህብን ተራእዩ። ኣብ ካልእ እዋን ውን ኣብ ነንሕድሕዱ ብዝገብሮ ዝነበረ ምርጻምን ዝነበሮ ፍልልያትን: ብዙሓት ኣካላት ክርሕቅዎን: እቲ ብልምዲ "silent majority" ኢልና ንጽውዖ ዘስቀጠ ኣካል ሕብረተሰብና ክዓብን ኣብ ዝኽሪ ኩልና ዘሎ ናይ ትማሊ ምስሊ እዩ። ብድሆታትን ተሞክሮን ተቃውሞ ደምበ ብፍላይ ድማ ድሕሪ ግንቦት 91 ንምርምር ዝግደፍ ሓያል መጽናዕቲ ዝሓትት እኳ እንተኾነ: "ካብዚ ኣብ ዝሓለፈ 28 ዓመታት ዝነበሮ ከይዲን ኣስተዋጽኦን ዝሓሸ ክገብር ይኽእል ዶ ኔሩ?" ኢልካ ምግምጋም ንብድሕር ሕጂ ዝግበር ተሞኩሮ ሓጋዚ እዩ። ብዙሕ ግዜ "እዚ ተቃውሞ ደምበ ኣይረብሕን እዩ" እንዳተባህለ ክንቀፍን ክጽለመን ኣጋጢሙና እዩ። ከምቲ ኣብ ማዕዶ ኮንካ ምዕዛብን: ኣብ መርከብ ኮንካ ምጅላብን ዝፈላለ: ቃልሲ ውን ምስኣተኻዩ: ማዕረ ክንደይ በዳህን ሕልኽላኽ ዝመልኦ ሙኺኑን ዝያዳ ይበርሃልካ። ተቃውሞ ደምበ: ብዓቢኡ ኣንጻር ስርዓት ውልቀመላኺ: ዝተረፈ ድማ ኣንጻር ዝተፈላለዩ ረብሓታት ዘለዎም ሓይልታትን ከፋፋሊ ፓለቲካን ክራጸም ምጽንሑ ኣብ ግምት ኣእቲኻ: እቲ ብድሆ ቀሊል ከምዘይነበረ ይስወጠካ። ኣብ ከምዚ ኣተሃላልዋ ኣንከሎ እዩ እምበኣር: ውለቀመላኺ ኢሰያስ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝነበሮ ዝምድና ብምሕዳስ: ንሃገርና ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእቱ ኣካይዳ ዝጀመረ። እቲ ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ምኽንያት ካብ ተሳትፎ ኣንጻር ኢሰያስ ዝግበር ቃልሲ ቦኺሩ ዝነበረ ዝበዝሐ ዘስቀተ ክፋል ሕብረተሰብና(silent majority) ክበራበር ጀሚሩ። ኣበየ ቦትኡ እንዳተኣኻኸበ ድማ „ይኣክል!“ ኣድሚጹ። እቲ ሕቶ እምበኣር "ድሕሪ ይኣክል ከ ናበይ?" ዝብል እዩ። ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተጠቀሰ፡ ኣብ ቃልሲ ኣንጻር ውልቀምልካዊ ስርዓት ብዙሕ ዓይነት ቅርጽታት ዝሓዛ ማሕበራት፡ ማለት ማሕበር መንእሰይ: ማሕበር ደቂኣንስትዮ: ፓለቲካውያን ውድባት: ስቪላውያን ማሕበራትን ክቃለሳ ፈቲነን ይቃለሳ ኣለዋን። ንሓደ ክፋል ሕብረተሰብ ንኣብነት ናይ መንእሰይ ምንቅስቃስ ንመንእሰይ: ናይ ደቂ ናንስትዮ ንደቂ ኣንስትዮ: ፓለቲካዊ ውድብ ድማ ፓለቲካዊ ስነሓሳብን ፕሮግራማተንን ዓንዲማእከል ጌሬን ስለዝነጥፉ: ንኹሉ ሃገራዊ ኣብ ሓደ ጠሚሬን ከንቀሳቅስኦ ክጽገማ ጸኒሔን። ሎሚ ግን "ህዝቢ ከመይ ገሩ ኣብዚ ቃልሲ ይሳተፍን፡ ክንኡ ከኣ ፓለቲካዊ ንቅሓቱ የዕብዩ ከመይ ጌሩ ተቆጻጻርን ዋርድያን መሰላቱ ንሙኻን ይበቅዕ?" ዝብል ሕቶ ንምምላስ ብደረጃ ከባቢታትን ከተማታትን ዝቆማ ህዝባዊ ምንቅስቃሳት ክዕንብባ ብዙሕ ህዝቢ ክሓቁፉን ክኢለን ኣለዋ።

ትርጉም ህዝባዊ ምንቅስቃስ

ኣብዚ ንነብረሉ ምዕራባዊ ዓለም: ህዝቢ ዝመሰረተን ዝተፈላለየ ዕላማ ዘለወን ብዙሓት ማሕበራትን ምትእኽኻባትን ኣለዋ። ሓደ ካብኡ ህዝባዊ ምንቅስቃስ እዩ።
ቀንዲ ዕላማ ህዝባዊ ምንቅስቃስ: መንግስቲ ይኹን ምምሕዳር ናይ ሓደ ሃገር ወይ ከባቢ: ንረብሓ ህዝቢ ኣብ ግምት ዘየእተወ ውሳኔታት ምስዘሕለፍ ወይ ዘተግብር: እቲ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ህዝቢ ወዲቡ ኣንጻር ዝሓለፈ ውሳኔ ተቃውሞ የስምዕ። ኣብ ባይታን ብመገዲ መራኸቢ ብዙሃንን ዘመተታት(campaign) ብምውዳብ ኣብ ልዕሊ ፓለቲካ እታ ሃገር ጽልዋ ወይ ድማ ጸቅጢ ይገብር። ክሳብ ማዕበል ህዝቢ ብምውዳብ ውን ነቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ፓለቲካዊ ሓይሊ ካብ ስልጣኑ ንክወርድ ጸቅጢ ይፈጥርን። ናይ ቀረባ ኣብነት ኣብ ሱዳን ዝተኻየደ ተቃውሞን ኣወዳድብኡን ክንርኢ ንኽእል። ምስዚ ብዘይፍለ ውን ተራ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ኣብ ምውዳቅ ስርዓት ማሕበራዊ ሓድነት ጀመርን (SED) ደሚቁ ተራእዩን፡ ከም መወከሲ ውን ከገልግል ዝኽእልን እዩ። ወዳቢን ቀንዲ ተዋሳኢን ባዕሉ እቲ ህዝቢ ስለዝኾነ፡ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ክንዮ ረብሓ ህዝቢ ኣብ ባይታ ንክትግበር ምቅላስን: ህዝቢ ድማ ተሓላቂ መሰላቱ ክኸውን ምጉስጋስን ምንቃሕን ካልእ ተልእኾ ስለዘይብሉ: ኣዝዩ ብዙሕ ህዝቢ እምነት ከንብረሉን ክስዕቦን ቀሊል ይኸውን። **<u>ቀንዲ ምኽንያት ምትእኽኻብ ኤርትራዊ ኣብ ህዝባዊ ምንቅስቃስ እምበኣር፡ ኤርትራዊ ዜግነቱ ድኣ እምበር፡ ፖለቲካዊ ክለሰሓሳብ ኣይኮነን። ኣብዚ ክንጽር ዘለዎ ነገር እንተሎ: ህዝባዊ ምንቅስቃስ ሽሕ እኳ ፓለቲካዊ ንጥፈታት ዘካይድ ማንቅስቃስ ደኣ ይኹን እምበር: ንፓለቲካዊ ስልጣን ግን ኣይወዳደርን ወይ ውን መተካእታ ናይ ሓደ ፓለቲካዊ ስልጣን ዝሓዘ ሓይሊ ኣይከውንን። በዚ ኣገባብ ድማ ምስ ፓለቲካዊ ሰልፊ መሰረታዊ ናይ ኣገባብን(strategy) ናይ ዕላማን/ሽቶን ፍልልይ ኣለዎ።</u>**

ኣብዚ ንነብረሉ ዘለና ዘመን ንብዙሓት ሃገራት ኣሸጊሮም ካብ ዘለዉ ነገራት ሓደን ቀንዲን፡ **<u>ብኩራት ህዝቢ ኣብ ፓለቲካዊ</u>** መደረኽ እዩ። ህዚቢ ኣብ ፖለቲካዊ ሂወት ሃገሩ ግቡእ ሱታፌ ምስዘይህልዎ: ግዳይ ዝተፈላለዩ ናይ ፓለቲካ ጽንፈኛታትን ውልቀምልካዊ ስርዓታትን ይኸውን። ከም ሳዕቤኑ ድማ ናብ ከቢድ ዋጋ ዘኽፍል ቅልውላው: ኩናት ሓድሕድ: ማሕበራዊ ምምዝባል: ቂጠባዊ ውድቀትን ስደትን የምርሕ። እዚ ኩሉ ንከይፍጠር መሰረት ዝኸውን ግን ብቀንዱ እቲ ህዝቢ ባዕሉ እዩ። ተራን ኣበርክቶን ህዝቢ ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳይ ሃገሩ እምበኣር ናይ ድሕነትን ጥፍኣትን ዕጫ ዝስከም ወሳኒ ነጥቢ እዩ። ከምቲ ኣቀዲሙ ዝተገልጸ: ኣብዚ ጉዳይ ብኩራት ህዝቢ ምስ ዕጫ ጥፍኣትን ካልኦት ኣሉታዊ ሳዕቤናትን ክተሓሓዝ ከሎ: ህዝቢ ጉዳየይ ኢሉ ብንቅሓት እንተነጢፍሉ ግን ብድሌት ህዝቢ ዝመሓደርን ንህዝቢ ዓንዲ ማእከል ዝገበረ ፖለቲካን ክፈጥር ይኽእል። **<u>ነዚ ምስ ኩነታት ሃገርና ክነተኣሳስሮ ከለና እምበኣር: ጉዳይ ፖለቲካ ሃገሩ ቀዳምነት ሂቡ ዝዋሳእ፡ ንቁሕ ፖለቲካዊ ሕብረተሰብ ምህናጽ እቲ ዝዓበየ ዕላማ ወይ ተልእኾ ናይ ህዝባዊ ምንቅስቃሳት ይኸውን።</u>**

እዚ ክጠቃለል ከሎ እምበኣር፡ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ማለት

- ፖለቲካዊ ሕቶ ዘበገሶ ምንቅስቃስ ናይ ህዝቢ ኮይኑ፡ ብህዝቢ ይምስረትን ይካየድን።
- ንፖለቲካዊ ስልጣን ዘይዋዳደር ወይ ዘይዓይ ናይ ህዝቢ ጥርናፌ እዩ።
- ብኩራት ህዝቢ ኣብ ፖለቲካ ሃገሩ ንምውጋድን፡ ፖለቲካዊ ሓይሊ ወይ ውን መንግስቲ ንህዝቢ ተማእዚዙ ከገልግል ጽልዋ ዝፈጥር ምንቅስቃስ እዩ።
- ዘይምእኩል ምሕደራ ዝኽተል ጥርናፌ እዩ።
- ተሓላቂን ዋርድያን ገዛእ መሰላቱ ዝኾነ ንቑሕ ሕብረተሰብ ዝህነጸሉ ባይታ ወይ ምትእኽኻብ እዩ።

ንድፊ ኣገባብ ኣመሰራርታን ቅርጺን ህዝባዊ ምንቅስቃስ

ከምቲ ብተደጋጋሚ ዝተገልጸ: ህዝባዊ ምንቅስቃስ ብ ኣብ ሓደ ከባቢ ዝቅመጥ ህዝቢ ይቀውም። ኣብታ ከተማ ዝቅመጡ ህዝቢ ኣኼባ ብምጽዋዕ፡ ግዝያዊት ሽማግለ ይመርጽ።እታ ግዝያዊት ሽማግለ፡ እታ እትምስረት ህዝባዊ ምንቅስቃስ ትምረሓሉ: ንጥፈታቱን ዕላማታቱን ድማ ብግቡእ ዝገልጽ ህንጻ ሕጊ ብምንዳፍ የዳሉ። ህዝቢ ደጊሙ ብምእካብ: ነቲ ብግዝያዊት ሽማግለ ዝቀረበ ህንጻ ሕጊ ይርእዮ። ዘድሊ ምትዕርራይን ገምጋምን ብምግባር ከኣ የጽድቆ። ቀጺሉ ዝስዕብ ስራሕ: ህንጻ ሕጊ ምንቅስቃስ መሰረት ብምግባር ቀዋሚት ሽማግለ ትምረጽ። እዛ መርሒነት: ሕጊ ናይ ምንቅስቃስ ብዘፍቅዶ መሰረት ዝተፈላለየ ክፍልታት(departments) ብምኽፋት ንጥፈታት ምንቅስቃስ ተማእክል። ኣተሃላልዋናን ንጥፈታትናን ኣብ ግምት ብምእታው: ጎኒ ኣቦ ወንበር ዋናጸሓፊን ክፍሊ ፋይናንስን ምንቅስቃስ: 2 ኣገደስቲ ክፍልታት ክሓቁፍ ተመራጺ ይኸውን። ንሳተን ድማ: ክፍሊ ፖለቲካን ውዳቤን ከምኡ ድማ ክፍሊ ባህልን ማሕበራዊ ጉዳያትን ይኾና። ገለ ካብ ዕማማት ክፍሊ ፓለቲካን ውዳቤን ከጥቀስ እንተኾይኑ: ንኣባላት ህዝባዊ ምንቅስቃስ ፓለቲካዊ ንቅሓቶም ክብ ንምባል: ዝተፈላለየ ሰሚናራትን ናይ ዘተ መደባትን የዳሉ። ህዝቢ ኣብቲ ዝግበር ንጥፈታት ንክሳተፍ ጎስጋስ የካይድ። ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያትን ባህልን ውን ዓቢ ተራ ዝጻወት ክፍሊ እዩ። ኣብዚ ግድላት ስደትን: ኤርትራዊ ዝሓለፎ ሓሳረ መከራን ኣብ ምብዳህ ዝግበር ዘሎ ቃልሲ: ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያት: ንኣብ ከባቢኡ ዝነብሩ ኤርትራውያን ዝተፈላለየ ሓገዛት ይገብርን ባህላዊ መደባት እናዳለወ ከኣ ኣባላት ምንቅስቃስ የዘናግዕ። እዚ ኣብ ምህናጽን ምክንኻንን ኤረወትራዊ ክብርታት: ሓድሕዳዊ ምትእምማንን: ሓባራዊ ጉዕዞን ዘይነዓቅ ኣበርክቶ ስለዝህልዎ: ነቲ ክንሃንጾ ንደሊ ዘለና ንቁሕ ፖለቲካዊ ሕብረተሰብ ውሕስነት የንጽፍ። ንጽፉፍን ኣድማዕን ስራሕ፡ ክፍልታት ናይ ሓንቲ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ብተግባር ክሰርሓ ብዝኽእላ ውሑዳት ቤትጽሕፈታት ክተሓዝ ተመራጺ ይኸውን።



ኣወዳድባ ህዛባዊ ምንቅስቃስ

ከምቲ ኣብ ዕላማ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ልዕል ኢሉ ዝተገልጸ: ህዝባዊ ምንቅስቃስ ንቁሕን ፓለቲካዊን ሕበረተሰብ ክሃንጽ ምእንቲ ክኽእል: ክኽተሎ ዘለዎ ቅርጽን ኣወዳድብን ምፍታሽ ኣገዳሲ እዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ 28 ዓመታት: ተቓውሞ ደንበ ክኽተሎ ዝጸንሐ ቅርጺ ኣወዳድባ ዳርጋ ኣብ መብዛሕቱ ተማሳሳሊ ኮይኑ "ካብ ላዕሊ ንታሕቲ" ዝዓይነቱ ስልቲ(strategy) እዩ። ሓደ ማሕበር ወይ ውድብ ይምስረት: ኣብ ኤርትራውያን ዝርከብሉ ቦታ እንዳኸደ ከኣ ጨናፍራት ብሙቋም ናይ ውዳቤ ስራሕ የካይድ። ስፍሓትን ዝርገሐን ናይ ኤርትራውያን ኣብ ሙሉእ ዓለም ስለዝኾነ: ነታ ዝተመስረተት ውድብ ወይ ማሕበር ኣድማዒ ውደባዊ ስረሓት ንክይተሰላስል ብድሆ ይኮና። እዚ ሎሚ ብመልክዕ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ዝወዳደብ ዘሎ ምትእኽኻብ ግን: ዘይከም ዝሓለፉ ኣገባብ ኣሰራርሓ: ቀንዲ መደበሩን ዝርጋሔኡን እቲ ዝቅመጠሉ ከባቢ ወይ ከተማ ብሙኻኑ: ኣባላት ናይታ ምንቅስቃስ ብቀሊሉ ክራኸቡን ክሰርሑን ይኽእሉ። እዚ ዓይነት ኣወዳድባ ናብ **<u>“ካብ ከተማ ወይ ከባቢ: ናብ ኣውራጃን ሃገርን”</u>** ስለዝቅይሮን: እተን ኣብ ሙሉእ ሃገር ዘለዋ ምንቅስቃሳት ብሓባር ብደረጃ ዝነብሩላ ሃገር ስለዝውደባን ዝዓብያን: ነቲ ስልቲ ካብ ታሕቲ ናብ ላዕሊ ይቅይሮን: ቀንዲ ወሳኒን ቀላስን ድማ እቲ ብከባቢ ወይ ከተማ ተወዲቡ ዘሎ ታሕተዋይ ውዳቤ ወይ መሰረት ይኸውን። ዘይምእኩል ውዳቤ ስልዝኾነ ድማ፡ እቲ ብደረጃ ኣውራጃን ሃገርን ዝጥርነፍ ባይቶ ህዝባዊ ምንቅስቃስ፡ **<u>ነቲ ብከተማን ከባቢን ዝጥርነፍ ምንቅስቃሳት ኣብ ውሽጣዊ ኣሰራርሕኡ ጣልቃ ኣይኣትዎን ውይ ውን እዝዞን። ብደረጃ ሃገር ይኹን ኣውራጃ ዝምስረት ባይቶ ናይተን ህዝባዊ ምንቅስቃሳስት፡ ነቲ ብደረጃ ሃገር ወይ ውን ኣውራጃ ክግበር ዝኽእል ንጥፈታት ጥራይ የወሃሃድ።</u>** ንኣብነት ናይ ሓባር ፈስቲቫል፡ ሰለማዊ ሰልፊ ወይ ውን እተን ምንቅስቃሳት ኣብ ንሃገርና ዝምልከት ጉዳይ ዘጋጥም ተርኽቦ ሓቢረን ንዝህብኦ መግለጺን መርገጽን የወሃህድ። ስለዚ እቲ ብደረጃ ሃገር ዝቀውም ባይቶ፡ ነተን ኣብታ ሃገር ዘለዋ ምንቅስቃሳትት ሓቢረን ንክሰርሓ ዘእንግድ ባይታ ኮይኑ ይቅጽል። **<u>እቲ ወሳኒ ናይ ስራሕ ባይታ ግን፡ ብቀንዱ እቲ ናይ ከተማ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ኮይኑ፡ ጋድማዊ(horizontal) ስርዓት ተኽቲሉ ይሰርሕ። ስለዚ ሓደ ከተማ ወይ ከባቢ ቀንዲ መቃለሲ መድረኽ ናይ ሓደ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ይኸውን: ዕላምኡ ድማ እቲ ኣብታ ከተማ ወይ ከባቢ ዝነብር ወዲ ሃገር ብምግባር: ጎስጋስን ፖለቲካዊ ንቅሓትን የካይድ።</u>**

ምስዚ ተተሓሒዙ ክምለስ ዘለዎ ኣገዳሲ ሕቶ እምበኣር: "ኣብ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ኣየናይ ክፋል ሕብረተሰብና ይሳተፍ?" ዝብል እዩ። ኩልና ከምእንፈልጦ: ኣብ ህዝብና ኣጋጢሙ ዘሎ ጸገም ብዘይ ኣፋላላይ ንኩሉ ክፋል ሕብረተሰብና ዘካተተ እዩ። እዚ ማለት ብሓደ ወገን ንመሰል ኩሉ ክፋል ሕብረተሰብና ዝዓምጸጸ ስርዓት ክህሉ ከሎ: ብካል ሸነኽ ድማ መሰሉ ዝተቐንጠጠ ህዝቢ ኣለና። ህዝባዊ ምንቅስቃስ እምበኣር: ብዘይ ኣፋላላይ ንኩሉ ግዳይ ዓመጽ ዝኾነ ህዝቢ ዘሳትፍ መቃለሲ መገዲ ክኸውን ይምረጽ። እቲ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ይኹን ኣብዚ እዋን እዚ ዝርኣ ዘሎ ተመኩሮ፡ ብፍላይ ድማ ምፍልላይ ናይ ዕድመ(ዓይቲን መንእሰያትን)፡ ጾታ፡ ዓሌት፡ ብሄር፡ ሃይማኖትን ኣውራጃን ክእረም መታን፡ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ባይታ መተዓረቂን ናይ ሓባር ስራሕን ኮይኑ ዘገልግል ኣገዳሲ ሓይሊ ብምግባር ክህነጽ ኣለዎ። **ህዝባዊ ምንቅስቃስ እምበኣር ኣብ ትሕቲ “ኤርትራዊ” መንፈስ ወይ ወኒ ዝእከብ ሓይሊ ኮይኑ፡ ድሕረባይተኣምን ፓለቲካዊ ሰነሓሳቦምን ብዝየገድስ: ንኩሉ ክፋል ሕብረተሰብ ክሳተፍ፡ ክፉት ክኸውን ኣለዎ።** ኣብ ጉዳይ ኣመራርሓ ግን ናይ ረብሓ ምግጫው(conflict of intereset) ከጋጥም ስለዝኽእል: መራሒ ናይ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ዝኸውን ኣብ ካልእ ማሕበር ብፍላይ ድማ ፓለቲካዊ ውድብ ብመርሒነት ደረጃ ዘገልግል ክኸውን የብሉን።

ቅርጺ ናይ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ካብ ከተማ ጀሚሩ ብደረጃ ሃገር ንክውደብ ክኽተሎ ዘለዎ መስመር ጋድማዊ ስለዝኾነ፡ ስልጣንን ናጽነትን ናይቲ ኣብ ከተማ ዘሎ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ብዘውሕስ ክቀውም ኣለዎ። እዚ ዝስዕብ ንድፊ፡ ባይቶ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ክምስረተሉ ዝኽእል ቅርጺ የርኢ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ሓንቲ ከተማ ዘሎ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ኣብቲ ብደረጃ ሃገር ዝቀምውም ባይቶ ዝለዓለ ስልጣን ከምዘለዎ ዘረጋግጽ እዩ። ኣብዚ መስርሕ እዚ ዝሳተፍ ምንቅስቃስ፡ ህዝቢ ዝመስረቶን፡ ተሓታትነቱ ድማ ንህዝቢ ዝኾነ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ጥራይ ክኸውን ይግባእ። ነዚ እትገብር ናይ መጽናዕቲ ሓይሊ ዕማም ቆይማ፡ ኣብ ሰነዳት ናይተን ህዝባዊ ምንቅስቃሳት ብምሙርካስ መጽናዕቲ ተካይድን ብቅርጺ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ዝቆማ ሙኻነን ትምምርመርን። ግቡእ ቅጥዒ ዘማልኣ ከኣ ኣብ መርሒነት ባይቶ ብደረጃ ሃገር ክምዝሳተፋ ይግበር።



ንጥፈታት ህዝባዊ ምንቅስቃስ

ንጥፈታት ህዝባዊ ምንቅስቃስ ኣዝዩ ብዙሕ ክኸውን ስለዝኽእል: ብዝያዳ እተን ዝምስረታ ምንቅስቃሳት ክዝርዝርኦን: ኣብ ሓባራዊ ኣኼባ ድማ ተሞክሮታት እንደሰተለዋወጣ ከስፍሕኦን ተመራጺ ይኸውን። ብሓፈሻ ግን ህዝባዊ ምንቅስቃስ ነቲ ዘለናዮ መዋእል ኣንቢቡ: መድረኽ ዝጠልቦ ፍታሕ ናይ ጸገማትና ስለዘናዲ: ኣብ በይኑ መድረኻት ዝተፈላለየ ዕማማት የከናውን። ኤርትራውያን ኣብዚ ዘለናዮ እዋንን: ኣብ ዝቅጽል ዝኽሰቱ ምዕባሌታት ኣብ ግምት ብምእታው: ኣብ ሰለስተ መድረኻት ክንከፍሎ ይከኣል።

1. **ቃልሲ ኣንጻር ስርዓት ኢሰያስ**
2. **ድሕሪ ውድቀት ኢሰያስ ዘሎ ኣገዳሲ መሰጋገሪ መድረኽ**
3. **ድሕሪ መሰጋገሪ መድረኽ ዝፍጠር ፖለቲካዊ መዋእል**

እምበኣርከስ ንጥፈታትና ውን ነዚ መድረኻት ኣብ ግምት ብዘእተወ ናይ ግዜ ወይ መድረኽ መዐቀኒ ብምግባር ክንሕዞ ይግባእ። ነዞም ሰለስተ መድረኻት እምበኣር: ብ ናይ ቀረባ(short term): ማእከላይ(medium term)ን ናይ ርሑቅ(long term) ዕማማት ክንከፋፍሎም ይግበኣና። ብከምዚ መዐቀኒ ምስእንሕዞ: ቀዳምነታትና ክንሰርዕን ኩሉ እቲ ነዚ መድረኽ ክንዕወተሉ ዘኽእለና ጸዓት ኣብኡ ከነፍስሶን ይሕግዘና።

ንኣብነት ናይ ቀረባ ዕማምና እቲ ኣብ ቁጽሪ ሓደ ተገሊጹ ዘሎ ቃልሲ ኣንጻር ስርዓት ኢሰያስ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ድማ እቲ ቀዳምነት ክወሃቦ ዘለዎ: "ብኸመይ ነዚ ስርዓት ክንቃለሶ ንኽእል?" ዝብል ሕቶ እዩ። ኣብዚ ነጥቢ ዘተኮረን: ንዕኡ ቀዳምነት ዝሃበን ንጥፈታት ከኣ ነካይድ። ኣብዚ ዓንኬል እዚ ክትግበሩ ዝኽእሉ ብዙሓት ንጥፈታት ኣለው። ብዝያዳ ብመጽናዕቲን ዘተን ከኣ ክማልኡን ክውጠኑን ይኽእሉ። ብፖለቲካዊ ሰሚናራትን ናይ ዘተ መደባትን: ነዚ ነቅነቅ ክብል ጀሚሩ ዘሎ ሓድነት ኤርትራውያን ዘሕዊ ንጥፈታት ውን ቀዳምነት ተዋሂብዎ ክስረሓሉ ኣለዎ። ጎኒ ጎኒ እቲ ናይ ንቅሓት ጎስጋስን ዘመተን: እተን ህዝባዊ ምንቅስቃሳት ኣብ ከባቢኤን ዝግበር ናይ ስርዓት ህግደፍ ንጥፈታትን መሓውራትን ይቃለስኦን ዓቢ ጸቅጢ ይግብራን። እቲ ብደረጃ ኣውራጃን ሃገርን ዝግበር ዝምድናታት ናይተን ህዝባዊ ምንቅስቃሳት ወይ ውን ባይቶ ድማ: ንኩነታት ሃገርናን ህዝብናን ዝትንክፍ ተርኽቦታት ምስዘጋጥም: ኣብ ዘዘለውኦ ሃገራት ነተን ምንቅስቃሳት ብምውካል ይዋስእ። ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ፈቀዶ መዓስከራት ዝርከቡ ዘጋታትና: ዓቅሚ ብዘፍቅዶ ምሕጋዝ ውን ቱኽረት ይግበረሉ። ምስተን ካብ ነዊሕ እዋን ክቃለሳ ዝጸንሓ ፖለቲካዊ ውድባት: ንሰብኣዊ መሰል ዝጣበቃ ማሕበራትን ካልኦት ምትእኽኻባትን ዝምድናታት ብምፍጣር ውን: ብሓባር ክስራሕ ኣብ ዝኽእሉ ነገራት ይነጥፉ። ክሳብ ምውዳቅ ስርዓት ህግደፍ ብህዝባዊ ምንቅስቃሳት ክግበሩ ዝኽእሉ ንጥፈታት ብኣጣቃላሊ ነዞም ዝስዕቡ ይመስሉ

- ንስርዓት ህግደፍ ኣበየቦትኡ: ብፍላይ ድማ ኣብ ከተማታት ኣብ ኩሉ መዳያት ምቅላሱ።
- ኣብ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ዘተኮረ ናይ ንቅሓት ጎስጋስን ዘመተን ብጻዕቂ ምክያድን።
- ኣብ መዓስከራትን ንነብረሎም ዘለና ከተማታትን ዘለዉ ኤርትራውያን ስደትኛታትን ካልኦት ጽጉማት ወገናትና ዝሕገዘሉ መገዲ ምንዳይ።
- ምስ ካልኦት ኤርትራውያን ናይ ፖለቲካ ሓይልታት ዝምድናታት ብምፍጣር: ሓባራዊ ንጥፈታት ምክያድ።
- ሰለማዊ ሰልፊ: ፈስቲቫልን ዓበይቲ ኣኼባታት ብምስራዕ: ደቂ ሃገር ዝእከብሉ: ሓቢሮም ድምጾም ዘስምዕሉን ዝዛተይሉን መድረኽ ይፈጥር።

እዚ ክሳብ ምውዳቅ ስርዓት ህግደፍ ዝኸይድ ስራሕ: ንምድላው ናይ ምስግጋር መድረኽን ምህናጽ ዴሞክራስያዊት ሃገርን ኣገዳሲ መድረኽ ስለዝኾነ: ካብ ሕጂ ጀሚሩ ዓሙቕ መጽናዕቲ የድልዮ።

እቲ ካልኣይ መድረኽ፡ ማእከላይ(medium term) ኢልናዮ ዘለና እዩ። ድሕሪ ውድቀት ስርዓት እንኽተሎ መንገዲ ካብዚ ናይ ሕጂ ፍልይ ስለዝብል: ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ፡ ተራ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ኣብ ግዜ መሰጋገሪ መድረኽ እንታይ ክኸውን ከምዘለዎ ዝድህስስ መጽናዕቲ ብክኢላታት ደቂ ሃገርና ክትግበር ድርኺት ክንፈጥር ይግበኣና። ህዝባዊ ምንቅስቃስ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ህግደፍ ውን ክቅጽል ዘለዎ ኣገዳሲ ጥርናፌ እዩ። ህዝባዊ ምንቅስቃስ ኣብ ግዜ ምሰጋገሪ መድረኽ፡ ክፍጠር ንዝኽእል ብድሆታትን ሃጋፍን ኣብ ምቁጽጻር፡ ህዝቢ ነቲ ሽው ዝህሉ ፖለቲካ ሃገርና ብዕትበትን ብተገዳስነትን ክሕዞ ኣብ ምንቃሕን ምውዳብን ዓቢ ተራ ይህልዎ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ሃገራዊ ዕርቂ ኣብ ምትግባር ክም ሞንጎኛ ክዋሳእ ይኽል። ህዝባዊ ምንቅስቃስ ኣብ ግዜ መሰጋገሪ መንግስቲ፡ ነቲ ሃገር ዝመርሕ ፖለቲካዊ ሓይሊ፡ ክም ኣማኻሪ ኮይኑ ኣብ ምርግጋእ ህዝብን ሃገርን እጃሙ ይገብር። ንዝያዳ ተራን ኣበርክቶን ኣብ ግዜ መሰጋገሪ መድረኽ፡ ብመጽናዕቲ ክሰፍሕ ኣለዎ።

ሳልሳይ መድረኽ(long term) ዝበልናዮ: ዴሞክራስያዊ መትከላት ዝሰረቱን ልዕልና ሕጊ ዝማእከሉን ሃገር ምስመስረትና እነካይዶ ቃልሲ እዩ። ጎኒ ጎኒ እተን ሽው ዝህልዋና ፓለቲካዊ ትካላት(political institutions): ንሕና ውን ክም ህዝቢ ሓይሊ ክህልወና መታን: ተራ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ወሳኒ እዩ። ክምቲ ኣብ መእተዊ ዝተገልጸ: መንግስቲ ረብሓ ህዝቢ ዝጎሰየ ውሳኔ ምስዘሕልፍ: ተቃውሞታት ክንመርሓሉ ዘድለይና ኣገዳሲ መሳርሒ(instrument) ህዝባዊ ምንቅስቃስ እዩ። ኣብዚ ግዜ እዚ ህዝባዊ ምንቅስቃስ፡ ህዝብና ኣብ ኩሉ መዳይ ንክመሓይሽን፡ ሃገርና ድማ ሓድነት ህዝባ ዝወለዳ ብልጽግቲ ኤርትራ ንምግባራ፡ ጎኒ ጎኒ እተን ዝህለዋ ናይ ፖለቲካን ካልኦትን ትካላት ብምስላፍ ይዋሳእ። ካብ ምውዳቅ ስርዓት ህግደፍ ክሳብ መሰጋገሪ መድረኽ ንዝተሓልፈ ውህሉል ተሞኩሮ፡ ንንጥፈታት ህዝባዊ ምንቅስቃስ ኣብ ህንጸት ዴሞክራስያዊትን ፍትሓዊትን ሃገር ዓቢ ብልጫ ስለዝኸውን፡ ኣብኡ ዝተሞርኮሰ ናይ ስራሕ መደባት ይሕንጸጽን ይካየድን። ቀንዲ ዕላማ ህዝባዊ ምንቅስቃስ፡ ኣብ ፖለቲካ ሃገሩ ብንጥፈት ዝዋሳእ ንቑሕ ሕብረተሰብ ምህናጽ ስለዝኾነ፡ ናይ ንቅሓት መደባት ዝያዳ ኣቶኩሮ ሂቡ ክሰርሕ ኣለዎ። ብዝያዳ ብመጽናዕቲ ዝሰፍሕ ስለዝኾነ፡ ካብ ሕጂ ኣቶኩሮ ክግበርሉ ይግባእ።

መደምደምታ

ኣብ ግዜ ሰውራ ተመስሪቱ ዝነበረ ህዝባዊ ውደባታት ወይ ድማ ብተለምዶ "ሓፋሽ ውድባት" ኢልና ንጽውዖ: ድሕሪ እቲ ኩሉ ሰውራ ኤርትራ ንክዕወት ዝተጻወቶ ዓቢ ተራ: በቲ ስልጣን ዝጨበጠ ኣካል ተዋሒጡ እንተዘይተርፍ: ፍናንን ተሳትፎን ኤርትርዊ ኣብ ጉዳይ ሃገሩ ናብዚ ሕጂ ወሪድዎ ዘሎ ደረጃ ኣይምበጽሐን። እዚ ዕጫ እዚ: ነዚ ህዝቢ ተሲኢሉ ዘሎ ዕላማን መታን ከይበጽሖ እምበኣር: ከሎ ጌና ግቡእ ትርጉም (definition) ዘለዎ ምንቅስቃስ ምምስራት ምክያድን ኣዝዩ ኣገዳሲ ወሳንን እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ውን ነቲ ምንቅስቃስ መልክዕ ከነትሕዞ እንተኽኢልና: ተረድኦና ብዛዕባ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ኣብ ሓደ ደረጃ ስለዝመጽእ: ኣብቲ ናይ ሓባር ጉዕዞና ክፍጠሩ ንዝኽእሉ ፍልልያት ከጉድለልና ይኽእል። ኣበየ ከባቢኡ ክምስረታ ንዝብገሳ ምንቅስቃሳት ውን መወከሲ ክረኽባን: ብዘይ ብዙሕ ጸገም ክሰርሓን የኽእለን። ልዕሊ ኩሉ፡ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ካብ ሕሉፍ ተማሂሩ፡ **መድረኽ ናይ ሓቢርካ ምስራሕ ዝሕመረቱ ባህሊ ክኹሰኩሰን ብእኡ ክዓብን፡** ብዕቱብ ክስረሓሉ ኣለዎ።

ዓወት ንህዝባዊ ምንቅስቃሳት ኤርትራ!

ወደብ ቴድሮስ
ጀርመን 26 ሚያዝያ 2020